# ናትና ምርድኣዊ ቁልፊ ሃለዋት ህዝብና እዩ!!

ፀላኢቲ ሓቢሮም ሓሶቶም ክነፍሑ፣
ምስ ጓኖት ኮይኖም ሰሚሮም ክሰርሑ፣
ህዝብና ከጥፍኡ ዲሞክራሲ ክረግሑ፣
ሓንጉልና ደንዚዙ ድቃስና በዚሑ።

ናይ ትምክሕቲ ሓይሊ ሓሶቶም ክስርፁ፣
ንእኩይ ዋኒኖም መደቦም ክቐርፁ፣
ብሓይሊ ብዓመፅ ህዝብና ክደርፁ፣
ዕድል የብሎምን ህዝብና ክረግፁ።

በለካ ለኽዕካ እናበልና ኣይንዘረ
ንስመር ንተሓባበር ኣይንኹን ፈረድቲ
ዘሎ ፀገማት መርሚርና ብቐልቢ
ንሃናዊ ሓሳብ ተጊህና ብልቢ
ንቃለስ ንዲሞክራሲ ንፍትሒ
ንሱ እዩ ንህዝብና መፍትሒ።

ናይ ትምክሕቲ ሓይሊ ሓሶቶም ክደጋግሙ፣
ዘይተባህለ ነገር ክሓቑኑ ክሓጉሙ፣
ጓይት ሃውስ ከይዶም ክበኽዩ ክረግሙ፣
ፐቲሽን ፅሒፎም ብኣሽሓት ክፍርሙ፣
ንከንቱ ዕላማ ህዝቢ ክብትኑ፣
ካብ ብዲሞክራሲ ብሓይሊ ዝኣምኑ፣

ይመመዩ ዳኣ ህዝቢ ይፍለጦም፣
ኣብ ዝኣተውዎ ጓሕጒሖ ከውፅኦም
ዕላመኦም ይኹን ስትራተጂኦም
መርሚሩ ዘትዩ ንፍርዲ የቕርቦም።

ኣብዚ ዝተባህለ ኢድ ንሕወስሉ፣
ይትረፍ ንሓቅነት ንከንቱ እኳ ይውዕሉ፣
ንህዝብና ሰላም ንረባረበሉ፣
ሰናይ ሓሳብ እዩ ንዘራረበሉ፣

ሃሎ፣ ሃሎ፣ ሃሎ፣
ሃገርና ዝብተነሉ፣
ህዝብና ዝጠምየሉ፣
ብፅብፅ ዝፍጠረሉ፣
ትምክሕቲ ዝነግሰሉ፣
ነንሕድሕድና ዓድና ክንሕሉ
ኩልና ንወፈየሉ።

ብስራት ከበደ (ብውልቂ)
ሲያትል ዋሽንግተን